trisam

Tigrinja

# Trisam – ብምትሕብባር ዝካየድ ናይ ኣጋ ዳግመ-ሕውየትን ልውውጥ ሓበሬታን

Trisam: ዞባ Gävleborg (መባእታዊ ክንክንን ሕክምና ስነ-ኣእምሮን)፡ ኤጀንሲ ማሕበራዊ ውሕስና ሽወደን፡ Arbetsförmedlingen (ኣገልግሎት ህዝባዊ ዕዮ ሽወደን) ከምኡ'ውን እቲ ቤት-ምምሕዳር ብምትሕብባር ዘካይድዎ መደብ እዩ። ምትሕብባራዊ መስርሕ Trisam ኣብ ኣውራጃ Gävleborg ኣብ ዘለዋ ኩለን ኣብያተ ምምሕዳር ኣሎ እዩ። እታ ጉጅለ Trisam ካብ Arbetsförmedlingen (ኣገልግሎት ህዝባዊ ዕዮ ሽወደን)፡ ካብ ኤጀንሲ ማሕበራዊ ውሕስና ሽወደን ከምኡ'ውን ካብ'ቲ ቤት-መዘጋጃ ዝመጹ ተኸታተልቲ ጉዳይ እተጠቓልል እያ። ካብ ዞባ Gävleborg፡ ኣወሃሃዲ ዳግመ-ሕውየት፡ ኢድላዪ እንተ ኾይኑ ድማ ብቑዕ ናይ ጥዕና ክንክን ሰራሕተኛ ዘጠቓልል እዩ። ንዳግመ-ሕውየትኩም ዝሓሸን ብዝያዳ እተወሃሃደን ደገፍ ክንህበኩም ንዓዩ።

*ኤጀንሲ ማሕበራዊ ውሕስና ኣብ እዋን እቲ ኣኼባ ናይ ቃል ስምምዕ ይወስድ እዩ።*

ግቡእ ሓገዝ ክንገብረልኩም ንክንኽእል ብዛዕባኹምን ብዛዕባ ኩነታትኩምን ዝካፈል ሓበሬታ የድልየና እዩ። ስለ'ዚ ድማ፡ ኣብ መንጎና ኣገዳሲ ውልቃዊ ሓበሬታታት ምእንቲ ክንለዋወጥ ስምምዕኩም ብጽሑፍ ክትህቡና የድልየና እዩ። ከም'ዚ ዝኣመሰለ ውልቃዊ ሓበሬታታት ብኣገባብ ምስጢራውነት ሓለዋ ይግበረሉ እዩ።

**ኣብነት ኣገዳሲ ውልቃዊ ሓበሬታ ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል**

- ኩነታት ጥዕና
- ኩነታት ስራሕ
- ቅድሚ ሕጂ እተገብሩ ናይ ዳግመ-ሕውየት ስጉምትታት
- ማሕበራውን ስነ-ቑጠባውን ኩነታት
- ቅድሚ ሕጂ እተገብሩ ምርመራታት
- ናይ ክኢላታት ርእይቶታት፡ ንኣብነት ናይ ሰብ ሞያ ሕክምና ርእይቶታት።
- ካልእ ንዳግመ-ሕውየትኩም ኣገዳሲ ዝኾነ ሓበሬታታት

ነቲ ናይ ስምምዕ ቅጥዒ ኣብ ዝቕጽል ገጽ ክትረኽብዎ ኢኹም። እቲ ስምምዕ ነቲ ቅጥዒ ካብ ዝፈረምኩምሉ ዕለት ኣትሒዙ እቲ ዳግመ-ሕውየትኩም ንዝካየደሉ ንውሓት ግዜ ዝጸንሕ እዩ። እቲ እትፍርሙዎ ስምምዕ ካብ'ታ ዕለት ኣትሒዙ ንሓደ ዓመት ይጸንሕ።

**ስምምዕኹም ኣብ ዝኾነ ግዜ ክትስርዝዎ ትኽእሉ ኢኹም።** እዚ ድማ፡ ነቲ ኣብ ዝምልከቶ በዓል መዚ ዝርከብ ተኸታታሊ ጉዳይኩም ወይ ከዓ ኣብ ናትኩም ማእከል ክንክን ጥዕና/ክሊኒክ እትውከስዎ ሰብ ብምርካብ ክፍጸም ይከኣል እዩ።

# ኣብ ውሽጢ Trisam ንዝግበር ምትሕብባርን ልውውጥ ሓበሬታን ዝወሃብ ስምምዕ

| ስም | ሃገራዊ ቍጽሪ ምዝገባ |
|---|---|
| ኣድራሻ ጶስጣ | ኮድ ጶስጣን ከተማን |
| ናይ ቀትሪ ቑጽሪ ተሌፎን | ሞባይል |

**ስምምዕ**
ኣብ'ቲ ሕክምና ዝገብረሉ ማእከል ክንክን ጥዕና ወይ ክሊኒክ ዘለዉ ዝምልከቶም ሰራሕተኛታት፡ Arbetsförmedlingen (ኣገልግሎት ህዝባዊ ዕዮ ሽወደን)፡ እቲ ኣብ ዕዮታት ቤት ምምሕዳረይ ዝነጥፍ ተኸታታሊ ክንክን ከምኡ'ውን እቲ ኤጀንሲ ማሕበራዊ ውሕስና ሽወደን ጠለባተይ ብዝምልከት ምትሕብባር ንኽገብሩ ስምምዐይ እገልጽ።

*ኤጀንሲ ማሕበራዊ ውሕስና ኣብ እዋን እቲ ኣኼባ ናይ ቃል ስምምዕ ይወስድ እዩ።*

እቶም ነዞም ንጥፈታት እዚኦም ዝፍጽሙ ተወከልቲ፡ ኣብ Trisam ንዝህልወኒ ናይ ዳግመ-ሕውየት ክይደት ብውጽኢታዊ መገዲ ንምድጋፍ ኣገዳሲ ውልቃዊ ሓበሬታታት ክለዋወጡ ከም ዝኽእሉ ከምኡ'ውን ዋላ ነቲ ብኣገባብ ምስጢራውነት ሓለዋ ዘለዎ ሰነዳትን መዛግብቲ ሕክምናን ክረኽቡዎ ከም ዝኽእሉ ይርደኣኒ።

ብተወሳኺ ድማ እዚ ዝስዕብ ንጥፈት ወይ ሰብ ኣብ ዳግመ-ሕውየተይ ዝሓሸን ብዝያዳ እተወሃሃደን ደገፍ ንምሃብ ምትሕብባር ንኽገብር ስምምዐይ እገልጽ። ብኽብረትኩም ኣብ ታሕቲ ግለጹ፡ ንኣብነት፡ ኣስራሓይን ስሞምን ነዚ ዝስዕብ ንጥፈት ወይ ሰብ ዝወሃብ ስምምዕ እቲ Trisam ክሳብ ዝውዳእ ጥራይ ዝጸንሕ እዩ።

| | |
|---|---|
| | |

ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ስምምዐይ ክስሕቦ ከም ዝኽእል ምሉእ ብምሉእ ተረዲኡኒ ኣሎ። እዚ ድማ ስምምዐይ ክስርዞ እንተ መሪጸ፡ እቶም ኣብ'ዚ ቅጥዒ እተጠቕሱ ወገናት ሓበሬታይ ደጊም ኣብ መንጎኦም ከም ዘይለዋወጥዎ ይሕብር። ይኹን'ምበር እቲ ኣቐዲሙ እተኣከበ ውልቃዊ ሓበሬታ ክምስራሕ ይኽእል እዩ፡ እንተኾነ ግን ክውሰኽሉ ኮነ ክመሓየሽ ኣይክእልን እዩ።

______________________ ______________________
ክታም ዕለት

______________________
ናይ ስም መነጸሪ

trisam

**ሕልው መንነት/ሕልው ውልቃዊ ሓበሬታ**

ሕልው መንነት ወይ ከዓ ሕልው ውልቃዊ ሓበሬታ ዘለዎም ሰባት ኣብ'ቲ ናይ Trisam ምትሕብባራዊ ዕዮታት ክጠቓለሉ የብሎምን። ስለ'ዚ ድማ ሕልው መንነት ወይ ከዓ ሕልው ውልቃዊ ሓበሬታ እንተ ኣልይኩም ኣብ'ቲ ስምምዕ ክትፍርሙ የብልኩምን።

**ሕቶታት ኣሎኩም 'ዶ፧**

ሕቶታት ኰነ ሻቕሎታት ምስ ዝህልወኩም፡ ነቲ ኣብ ዝምልከቶ በዓል መዚ ዝርከብ ተኸታታሊ ጒዳይኩም ወይ ከዓ ኣብ ናትኩም ማእከል ክንክን ጥዕና/ክሊኒክ እትውከስዎ ሰብ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

**ኣብ Trisam ውልቃዊ ሓበሬታኹም ብኸመይ ከም እነመስርሖ ከምኡ'ውን ዳግመ-ሕውየትኩም ብኸመይ ከም እነወሃህዶ ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ብኽብረትኩም መርበብ ሓበሬታ ናይ ነፍሲ ወከፍ መሻርኽ ርኣዩ።**